# መርበብ ኤርትራዊ ሲቪላዊ ማሕበራት ኤውሮጳ: ፖለቲካዊ ውድብ ኮይኑ አይፈልጥን !!

በዚ አርእስቲ'ዚ አልዒልና ክንጽሕፍ ዘገደደና ቀንዲ ምኽንያት ዉሑዳት ሰባት ከምኡ እውን ወ/ሮ ሰላም ኪዳነን፤መንገዱ ዝሸርመመ ጉዕዞን መግለጽን ንዝህቡ፤ነቲ ኣብ መንጎ በርገሳዊ ማሕበራትን ፖለቲካውያን ውድባትን ዘሎ ትርጉምን ዝምድናታትን ፍልልያትን ንዘይበርሃሎምን ብፍላጥ ዘተሓናፍጹን ንምብራህ ኾይኑ፤ እንተኾነ ግን እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ብዙሕ አጋጣሚታት ማለት በብእዋኑ ብተደጋጋሚ ተገሊጹን ተጻሒፉን ከም ዝነበረ ከነዘካኽር ንፈቱ።

ኣብዚ እዋንዚ ኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብቅድመ ኩነት ክፈልጦ ዘለዎ እውን እንሆ።

ሀ. ኹነታት ሕዝብን ሀገርን ከመይ ነይሩን ከመይን ይመስል አሎ ከመይከ ክኸውን ነይርዎን ኢልካ ናይ ምምዝዛን ንግዱስ ኤርትራዊ ዝምልከት ሕቶ ይኸውን።

ለ. ፖለቲካውያን ውድባት ኤርትራኽ ከመይን ብኸመይን ክገጥመኦ ይግባእ?

ሐ. እቲ ሕጊ አልቦ ገባቲ ጀንዳኽ ከመይ ኢሉ ኣብ ኾረሻ ሕዝቢ ተወጢሑ፤ብከመይከ ካብ ሕቼ ሕዝቢ ይወርድ
ዝብል መሠረታዊ መበገሲ ሀገራዊ ዋዕላ ክኸውን ይግባእ?

መ. እቲ ወናኒ ናይ ኩሉ ዝኾነ ሕዝቢ ኤርትራኽ ከመይ አሎ ከመይከ ክኸውን ነይርዎ ድሕሪ ነጻነት ዝብል ሕቶታት ብቀዳምነት ክምላስ ይግባእ።

ሰ ተራ በርገሳውያን ማኅበራትከ ሎምን ጽባሕን እንታይ ክኸውን አለዎ

እምበአር ነዚ ክብ ኢሉ ዘሎ ብግቡእ ፈሊጥና እንረክብ ናይ ሓባር ረቛሒ፤ አሎና ኢልና ስለ እንመዝን፤ ሕዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ዝውንኖ ፖለቲካውን፤ቁጠባውን፤ ባህላውን፤ማሕበራውን ዝምድናታቱን ተነፊጉ፤ ኤርትራዊ መንነት አጥፊኡ፤ አብ ምህናጽ ሀገር ኤርትራን አብ ምትካል ዲሞክራሲያዊ ሥርዓት ኤርትራን በኹሩ፤ በቲ ጸረ-ሕዝብ ዝኾነ ውልቀ ገባቲ ጀንዳ ተዓጊቱ፤ተሓዩሩ ጅሆ ተታሒዙ ከም ዘሎ ክንፈልጥ ንኽእል።

እተን ናይ ፖለቲካ ተቓወምቲ እውን እንተ'ኾና ኣብ ከምዚ መሪር ሕሰም እንምስክረሉ እዋን፤አብ ክንዲ ሕሰም ሕዝብና ብምርአይ ብዕግበት ንክብሪ ሀገራውነት ዝሓብራ ክሳብ ሕጂ ብሱል ዝኾነ መስርሕ መንነታዊ ሓድነት ዘየጥረያ ጊዜኤን ዘሕልፋ ዘለዋ ኢያተን።
እንታይ ዓይነት ፖለቲካውያን ውድባትን ሰልፍታትከ አለዋና፤
እዚ ማለት ድማ ብንጽል ወይ ሓንቲ ውድብ ወይ ሰልፊ ንበይና ክትመርሕን ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ክትሃንጽን ክትተክልን ት'ኽእልዶ? ብሓባርከ ይኽእላዶ፤ ንዝብል ሕቶ መልሱ እወ ይከአል።
ሀ.- ናይ ሓባር ናይ ዲፕሎማሲያውን ፖልቲካዊ ጐስጓስን
ለ.- ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ምውህሀድ
ሐ.- ናይ ቁጠባዊ ምንጪ ብሓባር ምምሥራት፤ ካብቲ መሠረታዊ ክገብራኦ ዘለወን ይኸውን።

ብወገንና ዘይክአል ጉዳይ የለን፡ ኹሉ ይከአል ኢዩ፤ እንተኾነ ግና አብ ኤርትራዊ መንነት ንዝተመርኰሰን ብኤርትራዊ መንነት ዝሕበንን። ብኤርትራዊ መንነት ከአ ምንጽጻል ዘይኾነስ ብምክብባርን ብሥኒትን ምትእ'ኽካብን እተማእከለ ኢዩ። እቲ ጸረ ሕዝቢ ዝኾነ ገባቲ ጀንዳ እውን ኤርትራዊ መንነት ክንዲ ፍራ አድሪ ትኸውን ስለ ዘይብሉን፤ ዲሞክራሲያዊ ባህርን ጠባይን ዘይውንን ክነሱከ፤ ንኩላትና ሓዩሩንን ጅሆ ሒዙናንዶ የለን ኢዩ? ስለዚ ስለምንታይ እዚ ኩሉ ንዝብል እስከ ብሓባር ንመልሶ።

እዚ ከምዚ ዝበለ ገባቲ ጀንዳ ይኹን እተን አለዋና እንብለን ጽገናዊ ጉዕዞ ዝኽተላን ውድባት እንተ'ኾና ንበርገሳዊ ሕብረተ-ሰብ ከም ነጻ ትካል መሰሉ ክሕልዋሉ ዝኽእላ ኾይኑ አይስመዓናን። እንተኾነ እተን አለዋና እንብለን ፍቱዋት ውድባትናን ሰልፍታትናን መብዛሕትኤን አብ ነንሕድሕደን አብ ጉርሒ ዝጠሓላ ናይ ፖለቲካዊ ዲሞክራሲያዊ ቃልስን ባህርታትን ዝጐደለን፤ ዘይንጹር ሥርዓት ንምትካል ኮለል ክብላን አብ ውድድር ጥራይ ጊዜኤን ዘቃጽላን ዘለዋዶ አይኾናን። በዚ ከአ ሓሳረ መከራ ሕዝቢ ዘናውሕ ዘሎዶ አይኾናን?

ስለዚ ኤርትራዊ መንነት ምጥፋእ ወይ ምጉዳል ድማ ናይ አረአእያን አተሓሳስባን ፍልልያት ይጥረ ወይ ይፈጥር። እቲ ዘሎ ኩነታት ፖለቲካውን ሓይልታት ኤርትራ ከምኡ ካብ ኮና፤ ብወገንና ንዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንዝተ'ኽሉ ባእታታት ዕጹው ኮይኑ ኢዩ ዝረአየና ዘሎ።

እዚ ይኹን ድአ እምበር ዲሞክራሲያውን ባእታታትን በርገሳዊ ማሕበረ ሰብን ዝመረረን፤ ተዓጻጻፍን ዝተደራረበ ሓርነታዊ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ይጽበዮም አሎን፤ዝብል አምር ከነስምረሉ ንደሊ። እዚ ማለት ድማ መሠረታዊ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምምጻእ፤ ሓያልነትን ዋንነትን ሕዝቢ አረጋጊጽካ፤ ሓባራዊት (ሕዝባዊት) ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ምህናጽን ምትካልን ኢዩ ዝኸውን ዘሎ። እዚ ድማ ብምሉእ

ተሳታፍነት ናይ በርገሳውያን ማሕበራት ግደን ተራን ክኸውን ከም ዘለዎ ዝፍለጥ።ስለዚ መንነት ዓቢ ግደ ንለውጥን ንምዕባሌን ሕዝብን ሀገርን ኤርትራ ኢዩ።ብሓጺሩ ከነመሓላልፎ ዝደለ ዘሎ፤ በርገሳውያን ማሕበራት፤ አካል ናይ ዝኾነ ይኹን ናይ ፖለቲካውያን ማለት ናይ ውድባትን ሰልፍታትን መንግሥትን መሳርሕን ጨናፍርን ዘይኮነስ ሰብአዊ ምመሰላት ግህሰታት

ሕዝብን ሀገርን ዓቕሙ ብዝፈቅዶን ዝኽእሎን ኣውያት ሕዝቢኡ ኤርትራን ሀገር ኤርትራን ኣብ አደባባያት ዓለም ቅርዓት ወጺኡ አዋያት ሕዝቡ ዘስምዕን ዘቓልሕን ኢዩ።

ኣብ ዝምድና ንዝምልኸት ግና አካል ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ስለ ዝኾና፤ ነታ ትጠፍእ ወይ ትወድቕ ዘላ ሀገር ኤርትራ ንምድሓን ንዝቃለሱ ሀገራውያን፤ ንረብሓ ሕዝብን ሀገርን ንዘቐድሙ ፖለቲካውያን ተቓለስቲ ምስ ዕላማን ብዝሰማማዕ መንገዲ ሞራላውን ገንዘባውን ደገፍን ንከበርከታ ምሉእ መሰል ዘለወን በርገሳውያን ኤርትራውያን ትካላት ኢየን። ከም ተሞክሮ ዝኾነና ድማ እቲ ኣብ ሰብዓታት ናይ ኤርትራውውያን ዜጋታት ኣብ ኤውሮጳን አመሪካን ዝነበረ ምትእኽካብ ኢዩ። እዚ ምትእኽኻባት'ዚ በቲ ዝነበረ ሀገራዊ ናጽነታዊ ኲነታት ተድፋፊኡን ተመልኺቱን ከም አካል ሕዝቢ ኤርትራ እጃሙ ንከበርኽት ንሕዝቢ ኤርትራ ንክድግፍን ንክሕግዝን ዝኸአሎ ንህገሩ ኤርትራ ንክገብር ናጽነቱ ሓልዩ ዝተመስረተ ናይ ኤርትራውያን ዜጋታት በርገሳዊ ማሕበር ኢዩ ዝነብረ።

ነቲ አብ ወጻኢ ማለት ኣብ ኤውሮጳን አመሪካን ዝነበረ በርገሳዊ ማሕበር ሰባዊ ትካላት (ማሕበር) „አካል" ናይ ውድብ ሕዝብዊ ሓይልታት ድአ እምበር ደጋፊ ዝብሃልሲ ወጻእተኛታት ኢዮም ዝኾኑ ፤ንስካትኹም ኤርትራውያን ግን ቀጥታ አባላት ውድብ ኢኺም ብዝብል ናይ ፖለቲካ ሽርሕን ተንኰልን፤ ብምባል ነቲ ተስፋ ዝነበሮ ኣብ ናይ ኤርትራውያን ጥርኑፍ ማኅበረ ሰብ ንክበጽሕ ተስፋ ተነቢሩሉ ዝነበረ በርጌሳዊ ማሕበራት ከም ዝፈረሰ ገይሮም ኢዮም።

እቲ ብስም ማሕበረ ኮም ተጸዊዑ ድማ „መኸተ" ኢዩ። ኲሉ ከአ ናይ ውልቀ ገባቲ ጃንዳ ናይ ቈጠባዊ ምንጪ ኾይኑ ይርከብ። አባላት ማሕበረ-ኮም ብግቡእኳ ግበር መሰልካ አይትሕተት ብዝብል ተፈጥራዊ ስነ-ምግባር ሕጊ ዘይፈልጡ: ንመሰል ሰብ ብምርጋጽ ንዜጋታት ኣብ ቤት ምእሰርትን ጭቆናን ሕዝብና ጸቢብዎ ይርከብ።

በዚ ዘሕዝን ታሪኽ በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራውያን ኤውሮጳን አመሪካን ማሕበረ-ኮምን ክንምሃር ዝግብአና ክነሱ፤ አብ መበል 21 ክፍለ ዘበን ንናይ ሎሚ በርገሳውያን ማሕበረ-ሰባዊ ከም አካል ውድባት ጌርካ ምቁጻርን ምዝራብን ምጽሓፍን ዝተደራረበ ሓዘን ኾይኑ ንረኽቦ። በርጌሳውያን ማሕበራት ኤርትራ ብመሠረት ዕግበታዊ ዕላማን፤ መሠረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ልዕሊ ጸረ ሕዝቢ ዝኾነ ገባቲ ጃንዳ ንምምጻእን፤ ነቲ ጅሆ ተታሒዙ ዘሎ ሕዝቢ ኤርትራ ሓራ ንምውጻእ፤ ንድልየታትን ትጽቢታትን ሕዝቢ ኤርትራ ጋህዲ ምግባርን: ንሰብአዊ መሰላትን ንኽጣበቕን ድአ እምበር: አካል ናይ ውድባትን ሰልፍታትን ወይ ናይ ሥልጣን ተቼራቼስቲ ከም ዘይኰና: ንኲሉ  ፈታውን ድጋፍን በርገሳዊ ምንቕስቃሳት ደጊምና ንሕብር ።

ብሓጺሩ ክርኤ እንክሎ ከአ እቲ ጭቆናዊ ግፍዕታት ንኲሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብአልመማ ክስታያን አስላማይ ከይፈለየ ዝገፍዕን ዝጭቑንን ዝግህስን ዘሎ ስለ ዝኮነ፤ ብዘይ ምድንጋር፤ እቲ ኹሉ ኤርትራዊ መንነት ዘረጋገጸ ጥራይ ኢዩ ንጃንዳ ህግደፍ ክብድሆ ዝኽእል። በርጌሳውያን ማሕበራት ይኹና ውድባት ዝተዓጸጸፈ ሥኒታዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ይጽበየን ኣሎ። እዚ ከአ ኢዩ ኤርትራዊ መንነት እነረጋግጸሉ መሥርሕ። እዚ ክብሃል እንክሎ ከአ በርጌሳውያን ማሕበራት መትከላዊ ናጽነተን ሓሊየን ንኤርትራዊ መንነት ዘጥረያ ፖለቲካውያን ሓይልታት ክድግፋን (ነቲ ሕዝባዊ ዕላማ ዝጉዕጽጻ ፖለቲካውያን ውድባት) ከአ ክነጽጋን ንሕዝቢ ኤርትራ ክጣበቓሉን መሠረታዊ ግድነት አለወን። እቲ ጽላል ውድባት ዝኾነ ኪዳን ንሕዝቢ እውን እንተኾነ አተአኻክባኡ ከም ሞደል እወንታዊ ተቼጺሩ፤ ካብቲ ዝነአሰ ጽላላዊ ስምምዕ ክሳብ እቲ ዝዓበየ አታአማማኒ ሥኒታዊ ስምምዕ ምስ ዝበጽሕ ጥራይ ኢዩ አብ ምውዳቕ ጃንዳ ህግደፍ ይኹን፤ ኣብ ምህናጽ ወይ ምትካል ደሞክራስን: ኣብ ምኽባር ሰብአዊ መሰላትን ግድነታዊ ተራን ቃልስን ዘለዎ ማሕበራት እምበር ክመቲ ወ/ሮ ሰላምን አዋፈርታን ዝብልዎን ዝጥቕንዎን አይኾነን። በዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ መሠረት:
ነቲ ከተግብሮ መዲብዎ ዘሎ ሀገራዊ ዋዕላ ድማ: አተአማማኒ ምኾነ ነይሩ እንብሎ።ስለዚ በርጌሳውያን ማሕበራት ይኹና ውልቀ ዜጋታት ኣብ ልዕሊ ኪዳን ንዝገብራእ ነቐፌታ: ኣብ ቦታኡ ከም ዘሎ መን ኢዩሞ ክርስዖ ዝኽእል? ገለ በርጌሳውያን ማሕበራት አብ ፖለቲካዊ መሥርሕ ንዝገብራአ ምትእትታዋተን ንክቁጠባ ነቐፌታ ክግበረለን ይግባእ ንብል።ስለዚ አብ ዝኾነ ይኹን እዋን መን ይግበሮ ብዘየገድስ ዝግበር ንህገራዊ ዝኾነ ዋዕላ ዝኸውን ክድገፍ ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። አብ ምትግባር ሀገራዊ ዋዕላ ስክፍታታት ዘለዎም ዜጋታት እንተኸዑ እውን ንምውጋን ጃንዳ ህግደፍ ብዘይተጉላባ እጃሞም ንኽጻወቱ ዕቱብ ምርድዳእ ስለ ዘድሊ ከከም ዝንባለኢታቶም ንምሕቋፎም ኤርትራዊ ሀገራዊ ዋዕላ ሓላፍነት አለዎ።እዚ ዝግበር ሀገራዊ ዋዕላ ደቂ አንስትዮን ተቐበልቲ ሕድሪ ሓዲሽ ወለዶን ዝዓብለልዎ ንኽከውን: ደጊጊምና ነዘካኽር። ዝተሓለሉን ሃገራዊ-ዋዕላ ዘይደልዩን መንነቶም ዝወገኑ ኢዮም።

-- -- ይቕጽል..

ሀገር  ናይ ብዙሓት እያ።

ብዙሓት ንህገር!

ዕለት 19.04.2010